Rest In Peace

# Reverend Abba Kidane Lebasi

24th May 1946 - 31st January 2021

Embaderho, Eritrea - London, UK



## ነፍስ ኄር ጥቀ ክቡር ኣባ ኪዳነማርያም ለባሲ

**አንሰ ሰባሕኩከ በዲበ ምድር ፈጺምየ ግብረ ዘወሀብከኒ ከመ እግበር።**

**ኣነ ነቲ ኽገብሮ ዝሃብካኒ ግብሪ ፈጺመ ኣብ ምድሪ ኣኽቢረካ እየ።**

**I glorified You on earth by finishing the work that You gave me to do.**

**(ዮሓንስ/John 17:4)**

Requiem Mass at Church of Our Lady of Fatima,

Commonwealth Avenue, White City, W12 7QR

On 18th March, 2021

# ምስጋና

IN OUR HEARTS FOREVER

ድሕሪ ሓጺር ሕማም
ሃደበታዊ ዕረፍቲ ክቡር መንፈሳውን ማሕበራውን ሓውናን አቦናን ኣባ ኪዳነ ለባሲ ዝወረደና ልቢ ዝሰብር መሪር ሓዘን ተኻፊልቲ ብሙኻን ካብ ርሑቕን ቀረባን ግዜን ኩነታትን ብዝፈቅዶ ኣገባብ ብጽሑፍ ብተለፎን ብቪድዮን ካልእን ዝተሰመዓኩም ሓዘንን ዘለኩም ክብርን ብምግላጽ ዘጸናናዕኩምናን ኣብቲ ካብ ዕለት ሓደ የካቲት ጀሚሩ ንዓሰርተ ምዓልታት ዝተኻየደ ጽሎት ዝተኻፈልኩምን ንሓዋርያውን ማሕበራውን ሃገራውን ተልእኾን ስራሕን ፍትዉን ክቡርን ኣቦና ልቢ ብዝምስጥ ግጥምታትን ጽሑፋትን ቪድዮታትን ምስክርነትኩም ዝሃብኩም ኩልኹም ካብ ክቡራት መራሕቲ ሃይማኖት ኣቦታትና ክሳብ ንኣሽቱ ደቕና እናኣመስገና ክብረት ይሃብኩም እግዚአብሔር ይባርኩም የቐንየልና።
ሕሰም ኣይትርከቡ።
ካብ ምሉኣት ስድራቤት።





Eulogy: Read by Mgr. Martin Hayes

Mass Set Up: Gheez Rite

First Reading: Deuteronomy 18: 1-2 (In English)

Responsorial Psalm: Psalms 114 & 115 (In English)

Second Reading: 2 Timothy 4: 4-6 (In Tigriyna)

Gospel: Gospel of John 12: 23-28 (In English and Tigriyna)

Tselote Fet`hat (Commendation): (In English & Tigriyna)

## ARCHBISHOP'S HOUSE WESTMINSTER

Fr Kidane Lebasi R.I.P.

Diversity is a feature of the Catholic and wider community in London. Many ethnic and national chaplaincies, and other chaplaincies engaged with Catholics of Eastern Catholic Churches, have a home in the Diocese of Westminster, helping the Diocese to embrace diversity and promote inclusion. Fr Kidane Lebasi had a key role in this, serving as Chaplain to Eritrean Gheez Rite Catholics from 1988-2006. He was the founding father of what was to become a thriving chaplaincy, the Holy Redeemer Eritrean Catholic Gheez Rite Chaplaincy in London. The website, catholicgheez.org, provides information about the origin and purpose of the chaplaincy.

On 24 March 1946 Kidane Lebasi was born into a devout Catholic family in Embaderho, a small village nestled among hills, seven miles north of Asmara, the capital city of Eritrea. The eighth of 11 children, he was baptized by a Cistercian priest. After primary education locally, Kidane went to study at the Cistercian Monastery in Asmara. He then went to study at the minor seminary, founded by the Cistercians in 1965, in the city of Keren. The seminary was dedicated to St Stephen Harding, the English monk from Sherborne who lived from 1050-1134, and one of the founders of the Cistercian Order. How could the young Kidane, or anyone else, know at that time that he would make his home in the land of his school's patron's birth? Kidane returned to Asmara to begin his novitiate with the Cistercian Order in August 1967, at The Monastery of the Assumption, taking the religious name Medhanie, meaning 'Saviour'. Continuing studies and formation took Kidane to monasteries in Asmara and Mendida in Ethiopia. On 27 July 1975 he was ordained to the priesthood as a member of the apostolic rather than contemplative Cistercian Order at the Cathedral of the Nativity in Addis Ababa, Ethiopia by Archbishop Asrate-Mariam Yemiru. Ordinations of Cistercians usually took place in the Monastery of the Assumption in Asmara but the war at the time of Fr Kidane's ordination precluded travel.

Father, or Abba, Medhanie Kidane Lebasi OSC was sent to Italy for further studies in moral theology at the Angelicum Pontifical University in 1976. In Rome he saw and responded to the needs of the Eritrean diaspora. He did what he could pastorally and sacramentally on his own initiative. Arrange-

ments became more secure with the establishment of an Eritrean parish centred on the church of San Tommaso in Parione with its own Parish Priest. In 1981 Fr Kidane, now fluent in Italian, came to London to study English at Hendon College and lived in the presbytery at Willesden Green until he went to live in the presbytery at Clapton in 1983, serving as Assistant Priest. In this new context he again noticed the needs of the Eritrean diaspora and responded by doing all he could to meet their needs, motivated by love of his people and pastoral zeal. In 1988, appointed as the first Chaplain to Gheez Rite Catholics, he went to live in the presbytery in the parish of St Francis of Assisi, Notting Hill where he and the Gheez Rite Catholics, many of whom were refugees, were made welcome for liturgy in the church and social, cultural and educational purposes in the parish hall and meeting rooms. On occasion the Gheez Rite calendar and that of the Latin Church coincided for the celebration of the Easter Vigil, giving the opportunity for a vibrantly inclusive and solemn celebration of diversity, recognizing the universality of God's love for all. Fr Kidane lived in the presbytery until September 2002, ministering to Gheez and to Latin Rite Catholics. At home in the Diocese of Westminster, Fr Kidane committed himself to life-long service here following acceptance for incardination by Cardinal Basil Hume OSB in May 1995 with the blessing of the Abbot President of the Cistercian Congregation of Casamari.

The presbytery at Warwick Street was to be Fr Kidane's next home, from September 2002, while continuing as Chaplain to Gheez Rite Catholics and also Assistant Priest of the parish. In July 2006 he retired as Chaplain, succeeded by Fr Ephrem Andom who is also a priest of the Diocese of Westminster. In August 2013 Fr Kidane

went to live independently, supported by the Diocese, at St Joseph's House, Brook Green. He continued to provide supply ministry for both Gheez and Latin Rite Catholics, including weekly Mass on Tuesdays at Corpus Christi Shine, Covent Garden. After a short illness the Lord whom Fr Kidane knew and served called him home to heaven on 31 January 2021. At the age of 74 Fr Kidane died peacefully at Queen's Hospital, Romford.

Fr Kidane will be remembered with gratitude for establishing the Gheez Rite Eritrean Chaplaincy, serving as Chaplain for 18 years, and as the founder of the Gheez Rite Saturday Supplementary School with which he was involved

until his death. He helped to teach hundreds of children their tongue of heritage and he supported their academic pursuits to enable them to take their place in society. Fr Kidane was able to embrace people of different traditions, nationally and globally. He valued difference and was committed to justice and peace. He has a place in the hearts of many people in many places. He retained his love for his place of birth and upbringing, helping to raise funds for the new church, dedicated to Kidane Mihret (Mary, Covenant of Mercy) in Embaderho.

May Abba Kidane rest in peace and rise in glory

Fr Kidane's Funeral Mass – 18 March 2021 at Our Lady of Fatima, White City with Fr Ephrem Andom presiding, followed by burial in Mortlake Cemetery.

Mgr Martin Hayes | Vicar General | Diocese of Westminster
2 March 2021



## ነፍስ ኄር ኣባ ኪዳነማርያም ለባሲ

24 ግንቦት 1946 - 31 ጥሪ 2021

ክቡር ኣባ ኪዳነ ለባሲ ብካቶሊካዊነቶም ኣዝዮም ዚግደሱ ካብ ዝነበሩ ወለዶም ባሻይ ለባሲ ምሕጽንቱን ወይዘሮ ይሕደጋ ገብረእንድርያስን ብዕለት 24 ግንቦት 1946 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ዓዶም እምባደርሆ ላዕላይ ተወልዱ። ብ 3 ሓምለ 1946 ዓ.ም.ፈ. ከኣ ኪዳነ ማርያም ብዚብል ስመ ጥምቀት ብኢድ ኽቡር ኣባ ሳሙኤል ኣስገዶም ወዲ ማኅበር ሲታውያን ምሥጢረ ጥምቀት ተቐበሉ። ኣባ ልጌኦም ክቡር ኣባ ኤፍሬም ተድላ ወዲ ማኅበር ሲታውያን ነበሩ። ብንእስነቶም ሓጐስ ብዚብል መጸውዒ ይፍለጡ ነበሩ። ክሳዕ ሎሚውን በቲ ናይ ንእስነት ስሞም ዚዝክርዎም ሰባት ኣለዉ። ብዕለት 30 ኅዳር 1958 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ደብረ ማርያም ኣስተርእዮ ዓመጺ ብኢድ ብፁዕ ኣቡነ ኣሥራተማርያም የምሩ ቅብኣተ ሜርን ተቐብኡ። ኣብቲ እዋን እቲ ማኅበር ሲታውያን ካብ በለዛ ደቓርውን ካብ ካብ ኣሥመራ እናተመላለሱ ንደብረ ኪዳነ ምሕረት እምባደርሆ የገልግሉ ከም ዝነበሩ ይዝከር።
ምስ ስድራ ቤቶም ኮይኖም ኣብ ዓዶም እምባደርሆ፥ ናይ መባእታዊ ዘመናዊ ትምህርቶም ድኅሪ ምዝዛም፥ ብዕለት 5 ጥቅምቲ 1961 ዓ.ም.ፈ. ናብ ኣሥመራ ገዳመ ሲታውያን ዘፍልሠታ ዘርኣ ምንኩስና ብምእታው ትምህርቶም ቀጸሉ።

ብ1965 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ከተማ ከረን ማኅበር

ሲ.ታውያን ቤት ትምህርቲ ዘርኣ ምንኩስና ቅዱስ እስጢፋኖስ ሃርዲንግ ከም ዝኽፈቱ ዜዝከር እዩ። እቶም ቀዳማይ ሓላፊ እቲ ዘርኣ ምንኩስና ኸኣ ብዓል ጥዑም ዝኽሪ ኽቡር ኣባ ማቴዎስ ሓጐስ እዮም ዝነበሩ። መንእሰይ ኪ.ዳነ ማርያም ለባሲ. ምስታ ቐዳመይቲ ጉጅለ ተመሃሮ ዘርኣ ምንኩስና ቅዱስ እስጢፋኖስ ሃርዲንግ ተመሃራይ ኮይኑ ናብ ከረን ተላእከን ትምህርቱ ኣብኡ ተኸታተለን። ኣብ ዘርኣ ምንኩስና ቅዱስ እስጢፋኖስ ሃርዲንግ ከረን ናይ ክልተ ዓመት ትምህርቱ ዘጠናቐቐ መንእሰይ ኪ.ዳነ ማርያም ሕይወት ምንኩስና ንምጅማር ናብ ገዳመ ሲ.ታውያን ዘፍልሠታ ኣሥመራ ተላኢኹ ብዕለት 12 ነሓሰ 1967 ዓ.ም.ፈ. ዓመተ ተመክሮ ልብሰ ምንኩስናኡ ብምቕባል ጀመረ። ከም ስመ ምንኩስናኡ ከኣ መድኃኔ ዘማርያም ዚ.ብል ስመ ተቐበለ።

ሕገ ቀኖና ብዚ.እዝዞ መሠረት ናይ ሓደ ዓመት ተመክሮኡ ዝወድአ ኪ.ዳነማርያም (መድኃኔ)፥ ብዕለት 13 ነሓሰ 1968 ዓ.ም.ፈ. ንኡስ መብፅዓ ምንኩስና ብምግባር ቀጻሊ. ትምህርቱ ኣብ ገዳማት ኣሥመራን መንዲ.ዳን ተኸታተለ።
ንኣስታት ሸሞንተ ዓመታት ዝቐጸለ መንፈሳውን ሥነ መለኮታውን ትምህርቱ ኣብ ገዳም ፍልሠታ ማርያም ኣሥመራን፥ ደብረ መድኃኔ ዓለም መንዲ.ዳን ብዚ.ግባእ ዘጠናቐቐ መንእሰይ መድኃኔ፥ ምስ ካልኦት ሠለስተ ብጾቱ ኣባ ብርሃኔ ምሕረተኣብ፥ ኣባ ክብረኣብ ገብረእግዚ.ኣብሔር፥ ኣባ ተስፋማርያም ባራኪ.፥ ብዕለት 27 ሓምለ 1975 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ልደተማርያም ካቴድራል ብኢ.ድ ሊ.ቀ ጳጳስ ኣቡነ ኣሥራተማርያም የምሩ ማዕረገ ክህነት ተቐበለ። ከም ልምዲ. ማኅበር ሲ.ታውያን ኣብ ሃገርና፥ ኩሉ ሲ.መተ ክህነት ኣብ ደብረ ፍልሠታ ኣሥመራ እዩ ዚ.ወሃብ ዝነበረ። እንተኾነ ኣብቲ ክቡር ኣባ ኪ.ዳነ ላባሲ.ን ብጾቶምን ማዕረገ ክህነት ዝተቐበሉሉ እዋን ኩናት ናፅነት ኣብ ከባቢ. ኣሥመራ ቐሪቡ ስለ ዝነበረ፥ ካብን ናብን ኣሥመራ ምግያሽ ኣዝዩ ኣሸጋሪ ስለ ዝነበረ፥ ኣባቴን ብጾቶምን ኣብ ኣዲስ ኣበባ፥ ኢ.ትዮጵያ ማዕረገ ክህነት ኪ.ቕበሉ ግድን ኮኖም።

ድኅሪ ክህነት ምቕባሎም፥ ክቡር ኣባ ኪ.ዳነ ብዙኅ ከይጸንሑ ንተወሳኺ. ትምህርቲ ብ1976 ዓ.ም.ፈ. ናብ ሮማ፥ ዓዲ ጣልያን ተላእኩ። ክሳዕ 1980 ዓ.ም.ፈ. ኸኣ ኣብኡ ትምህርቶም ተኸታተሉን ብሞራል ቲዮሎጂውን ብማስተርስ ዲግሪ ተመረቑን። ማዕረ ማዕረ ትምህርቶም፥ ነቲ ኣብ ሮማ ፋሕ ኢሉ ንዝጸንሖም ስደተይና ኤርትራዊ ብቕዳሴን ምሥጢ.ራት ብምዕዳልን የገልግሉ ነበሩ። እቲ ንሶም ብናቶም ተበግሶ ዝጀመርዎ ኣገልግሎት ብዕሊ. ካህን ተመዲ.ቡሉን ቤተ ክርስቲያን ተዋሂብዎን ንጡፍ ኣገልግሎቱ ክሳዕ ሕጂ. የካይድ ኣሎ። ንመጀመርያ ጊዜ ከም ቆመስ ተመዲ.ቦም ኣብ ሮማን ከባቢ.ኣን ፋሕ ኢሉ ይርከብ ንዝነበረ ሕዝብና የገልግሉ ዝነበሩ ካህን፥ ብዓል ጥዑም ዝኽሪ ኽቡር ኣባ ጢ.ሞቴዎስ ተሰማ ወዲ ማኅበር ሲ.ታውያን እዮም። ክቡር ኣባ ኪ.ዳነ ኣብ ሮማ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን ብኣገልግሎቶም ዝረብሑ ብዙኃት ደቂ ሃገርና ክሳዕ ሎሚ ብዓብይ ምስጋናን ኣድናቖትን ይዝክርዎም እዮም።

ኣብ ፈለማ ተስዓታት ብ1981 ዓ.ም.ፈ. ክቡር ኣባ ኪ.ዳነ ቋንቋ እንግሊ.ዝ ኪጽንዑ ናብ ለንደን ኣብ ዝመጹሉ እዋን፥ ኣዝዮም ብዙኃት ደቂ ሃገርና ብዘይ ገለ መንፈሳውን ማኅበራውን ሓገዝ ይነብሩ ከም ዝነበሩ ተዓዘቡ። ትምህርቶም ብሓደ ወገን እናሳለጡ፥ በቲ ሓደ ወገን ከኣ ነቲ ጓሳ ከም ዘይብሉ ፋሕ ኢሉ ዝነበረ ሕዝቦም ብፍላይ ከኣ ንመናእሰይ ኪ.ጥርንፉን ሓዋርያዊ ኣገልግሎቶም ብዘይ ኣፈላላይ ንኹሉ ኬወፍዩ ጀመሩን። እዚ. ኣገዳሲ. ኣገልግሎት እዚ. ንቑሩብ እዋን ጥራይ ተዋሂቡ ዚ.ቋረጽ ዘይኮነስ ብቋሚነት ኪ.ወሃብ ዘለዎ ምዃኑ ተረዲ.ኦምውን ምእንቲ እቲ ስደተይና ሕዝቦም ንሶምውን ስደተይና ኪ.ኾኑ ወሰኑን ምስቲ ሕዝቦም ኪ.ነብሩ ጀመሩን። ብ1995 ዓ.ም.ፈ. ኸኣ ብዕሊ. ካህን ሰበኻ ዌስት ሚ.ንስተር ብምዃን ምሉእ ሕይወቶምን ጊዜኦምን ንኣገልግሎት ሕዝቦምን ካልኦት ሕዝብታትን ወፈዩ።

ክቡር ኣባ ኪ.ዳነ ካብ ዚ.ዝከሩሉ ዕዉት ኣገልግሎታቶም ሓደ ንልቦም ኣዝዩ ቐረባ ዝነበረ፥ ሕፃናት ብቋንቋ ኣዴኦም ኬንብቡን ኪ.ጽሕፉን ምሕጋዞምን ባህሊ. ኤርትራውነት ኪ.ሰርጾም ምግባርን ነበረ። በዚ. ምኽንያት እዚ. ኸኣ ብስም ሥርዓት ግዕዝ ዚ.ፍለጥ ናይ ቀዳም ቤት ትምህርቲ ብወርኂ. ጥሪ 1993 ዓ.ም.ፈ. ኸፈቱን ኽሳዕ ዕለት ሞቶም መሃሩን መርሑን። እዚ. ኣገዳሲ. ቤት ትምህርቲዚ. ብ1996 ዓ.ም.ፈ. ብመሠረት ሕጊ ዓባይ ብሪጣንያ ብቻሪቲ ኮሚሽን ተፈላጥነት ረኸበ። ክቡር ኣባ ኪ.ዳነ፥ ኣብ ከተማ

ለንደን ተወሊዶም ዝዓበዩን ብሕፃንነቶም ናብ ለንደን ምስ ወለዶም ዝመጹን ኣዝዮም ብዙሓት ነኣሽቱን ዓበይትን መንእሰይን፥ ድሮ ሓዳር ገይሮም ዝሰደሩን ንደቆም ናብታ ንኣኦም ዘዕበየት ቤት ትምህርቲ ዝሰደዱን ወለዲ ዚምስክርዎ፥ ርኡይ መንፈሳውን ማኅበራውን ኣስተዋጽኦ ገይሮም እዮም።

ኣብ መስከረም 2006 ዓ.ም.ፈ. ክቡር ኣባቴ ካብ ናይ ኤርትራውያን ቁምስና ሓላፍነቶም ተቐዪሮም ኣብ ናይ እንግሊዝ ቁምስናታት ኣገልግሎት ብሰበኻ ዌስት ሚንስትር ምስ ተላእኩ፥ ምስቲ ብቋንቋ እንግሊዝ ኣብ ሥርዓት ላቲን ዘበርክትዎ ዝነበረ መዓልታዊ ሓዋርያዊ ኣገልግሎታቶም፥ ብምሉእ ኃይሎም ነቲ ናይ ሥርዓት ግዕዝ ናይ ቀዳም ቤት ትምህርቲ ኣገልግሎት ይተግሁሉ ነበሩ። ኣብ ዓበይቲ በዓላትን፥ ኣብ ወርኂ ሓንቲ ሰንበትን ናብ ናይ ሥርዓት ግዕዝ ቅዳሴ እናመጹ ነቲ ብምሥጢረ ንሥሓ ምስ ኣምላኹን ቤተ ክርስቲያኑን ኪዕረቕ ዚደሊ ዝነበረ ምእመን እናናዘዙን ምሥጢራት እናዓደሉን ተሓሊለ ኸይበሉ ብትግሃትን ብተወፋይነትን ኣገልገሉ። ቅዳሴ ኪቕድሱ ኣብ ዝተሓተቱሉ እዋን ኩሉ ተሓጒሶም መሥዋዕተ ቅዳሴ ንሕዝቦም የዕርጉ ነበሩ።

ክቡር ኣባ ኪዳነ፥ ኣዝዩ ዝነኣድ ብዙኅ ተግባራት ኣለዉዎም። ሓደ ካብቲ ካብ ወለዶ ንወለዶ ዚዝከሩሉ ሠናይ ተግባራቶም ከኣ፥ ኣብ ዝተወልዱላ ዓዶም እምባደርሆ ቤተ ሰቦም ኣብ ዘጽንሕዎ መሬት ዘሕነፅዋ ቤተ ክርስቲያን ኪዳነ ምሕረት እያ። ነታ ቤተ ክርስቲያን ኬሕንፅዋ ኣብ ዝተበገሱሉ እዋን፥ ሽሕኳ ብዙኃት ካቶሊካውያን ምእመናን ኣብ እምባደርሆ ይነብሩ እንተዘይነበሩ፥ ኣባቴ ግና ደሓር ብዙኃት ካቶሊካውያን ከም ዝመጽእዋ ኣማዕድዮም ርእዮም፥ ካብ ምሕናፃ ንድሕሪት ኣይበሉን። ሳላ ጻዕሮምን ተወፋይነቶምን ኣወሓሒድካ ምኽኣሎምን እታ ቤተ ክርስቲያን ተወዲኣስ ድሮ ኣገልግሎታ ኣብ ምሃብ ትርከብ ኣላ።

ንክቡር ኣባ ኪዳነ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናትን ቦታን ዘተላለይዎም ዝተፈላለዩ ሰባት ብጽቡቕ ኪዝክርዎም ይርከቡ፤ ምኽንያቱ ኸኣ ኣባቴ ምስ ዓቢይ ዓቢይ፥ ምስ መንእሰይ መንእሰይ ንቐልዓ ከም ቆልዓ ብምቕላልነት ናይ ምቕራብ ፍሉይ ተኽእሎ ስለ ዝነበሮም እዩ። እተን 345 ዓመታት ብክህነት ንኣምላኽን ንቤተ ክርስቲያንን ዘገልገሉለን ዓመታት ዳርጋ ኩለን ኣብ ኣገልግሎት ስደተይና ሕዝቦም ዝተጸምዱለን እንኪኾና፥ እቲ ዝበዝሐ ኸኣ ነቲ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ፋሕ ኢሉ ዘጸንሖም ሕዝቦም ዝወፈይዎ እዩ። ፍቓድ ኣምላኽ ኮይኑ ኸኣ ሞቶምን ቐብሮምን ኣብቲ ጠሊ ክህነታዊ ጸጋታቶም ዘዝነቡላ ከተማ ለንደን ኮነ። ካብ ዕድሜኦምን ክህነታዊ ኣገልግሎቶምን ዝበዝሐ ዘሕለፉሉን ዝወፈዩሉን ሕዝብን ቤተ ክርስቲያኖምን ረዚን ሓላፍነት ኣሰኪሞም ብዕለት 31 ጥሪ 2021 ዓ.ም.ፈ. ናብቲ ዘፍቅሮምን ናብ ዘለዓለማዊ ቤቱ ዝጸውዖምን ኣምላኾም ``ግብረ ዘወሃብክኒ ፈጸምኩ`` እናበሉ ተሰጋገሩ። ወላ እኳ ናቶምን ናይ ኩሉ ቤተ ሰብን ፈተውቶምን ድላይን ሃረርታን ሓመድ ኣዳም ኣብታ ዝተወልዱላን ዝተጠምቁላን፥ ደሓር ከኣ ዓብዮም ቤተ ክርስቲያን ዝሓነፁላን ዓዶም እምባደርሆ ኪለብሱ እንተነበረ፥ ብምኽንያት ለበዳ ኮሮና፥ ኣብ ክንዲ ድላይን ባህጊ ኩሉን ኣብ ለንደን ዓዲ እንግሊዝ ብዕለት 18 መጋቢት 2021 ዓ.ም.ፈ. ሓመድ ኣዳም ለበሱ።

ኣምላኽ ዘለዓለማዊ ዕርፍቲ ንኽቡር ኣባ ኪዳነማርያም ለባሲ፥ ጽንዓቱ ኸኣ ንቤተ ሰቦምን ንፈተውቶምን ይሃብ። ኣሜን።

*መድኃኔ ዓለም ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ሥርዓት ግዕዝ ለንደን*



IN OUR
HEARTS
FOREVER

# Rest In Peace






“ሠናይ ገድሊ ተጋዲለ እየ፤ ጕያይ ወዲአ እየ፤ ነታ እምነት እውን ሓልየያ እየ። ደጊም . . . ኣኽሊል ጽድቂ ተነቢሩለይ ኣሎ።

I have fought the good fight, I have finished the race, I have kept the faith. From now on there is reserved for me the crown of righteousness ...
(2 Tim/ጢሞቴዎስ 4:7-8)

Mortlake Cemetery Address
Lower Richmond Road,
London, TW9 4LL
Phone: 020 8878 1934